ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ

جبهة التحرير الإرترية
المجلس الثوري

ERITREAN LIBERATION FRONT (ELF-RC)

# ናይ ጽንዓት መልእኽቲ

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ዕረፍቲ ተጋዳላይ ሳልሕ ኣሕመድ እያይ ብዕለት 11.11.2004 ኣመልኪቱ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካዊ ውድባትን ናይ ጽንዓት መልእኽቱ የመሓላልፍ።

ነፍስሄር ሳልሕ ኣሕመድ እያይ፡ ካብ ንእስነቱ ኣትሒዙ ኢዩ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ተሳቲፉ። ብመጀመርያ፡ ኣባል መሪሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ) ነይሩ። ድሒሩ ድማ፡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታትን ብዝተፈላለየ ሓላፍነታትን ገድላዊ ዕማማቱ ኣሰላሲሉ።

ነፍስሄር፡ ትሕቱን (simplicity)፡ ሕውስን ለጋስን፤ ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ንመትከሉን መርገጺቱን ብትብዓትን ብጽንዓትን ዝምክት ወይ ዝከለኸል ኢዩ ነይሩ። ብመስዋእቱ ድማ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ሓደ ካብቶም ፈለምቲ ቃልስን መለለይታት ጽንዓቱን ተወፋይነቱን ዝኾኑ፡ ታሪኾም ብድሙቕ ቀለም እተጻሕፈ ተጋዳላይ ናብ ናይ ዘልኣለም ዕረፍቲ ኣፋንዩ።

ንመዋቲ መንግስተ-ሰማይ የዋርሶ፤ ንህዝብን ቤተሰቡን ድማ ጽንዓት ይሃቦም።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
11.11.2004